JAR
OPLEIDINGEN

**ንተሳተፍቲ ቁጽጽር ሚስጥርነት (ወይ ፕራይቨሲ) JAR ኦፐለይዲንገን B.V.**

ዳይረክተር JAR ኦፕላይዲንገን BV

እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ኣብ ግምት ብምእታው፡

- JAR ኦፕላይዲንገን BV ኣብ ምምሃርን ምምሕያሽን ቋንቃ ዳቾ ዝዓለመ ኣገልግሎት ክህብ ኣብ ዘባ ኑርድ-ሆላንድ ፡ ላንገዲጅ (Langedijk) ዝተመስረተ ኮይኑ፡ እዚ ኩሉ ድማ ናይ ሽቅለት ዕድላት ንምውሳኽ ወይ ውን ማሕበራዊ ርእሰ ምሕደራ ንምስፋሕ ተባሂሉ ዝተገብረ እዩ።
- JAR ኦፕላይዲንገን BV በዚ ምኽንያት ውልቃዊ ዳታ (ሓበሬታ) ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት ኣለዎ
- ምስ ሰናይ ምሕደራን ምትእትታው መምርሒ ምውሓስ ዳታ "Algemene verordening gegevensbescherming" (AVG) ተተሓሒዙ፡ JAR ኦፕላይዲንገን BV ፡ ውልቃዊ ዳታ ኣብ ምምስራሕ ዳታ ዘተኮረ ውጥን ከውጽእ ተመራጺ እዩ።
- ዕላማ እዚ ቁጽጽር'ዚ፡ JAR ኦፕላይዲንገን BV ይኹን ሓደ ካብ መሻርኽቱ ናይ ዝፈልጥዎ ኮነ ናይ ዝውንንዎ ዳታ ቅኑዕ ኣጠቃቕማ ውልቃዊ ዳታ ከም ዝህሉ ምርግጋጽ ኮይኑ በዚ መሰረት፡ እቲ ዝተጠቕሰ ዳታ ዝምስራሓሉ ዘሎ ምኽንያት ክግለጽ ኣለዎ።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ምርቁስ ብምግባር ነዚ ዝስዕብ ኣገባብ ቁጽጽር (regulatiojn) የቕውም

1. መግለጺታት፥
   a) ውልቃዊ ዳታ
      ንመንነቱ ፍሉጥ ናይ ዝኾነ ወይ ውን ክፍለጥ ናይ ዝኽእል ሰብ ዝምልከት ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ
   b) ምስረሐ ውልቃዊ ሓበሬታ
      ምስ ውልቃዊ ዳታ ብዝተኣሳሰር፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነት፡ ምእካብ፡ ምምዝጋብ፡ ምጥላብ፡ ምዕቃብ፡ ሓድሽ ሓበሬታ ምውሳኽ፡ ምምሕያሽ፡ ምሕታት፡ ምክትታል፡ ምጥቃም፡ ንኻልኦት ምምሕልላፍ፡ ምዝርጋሕ ወይ ውን ብዝኾነ ይኹን ካሊእ ኣገባብ ሓበሬታ ከም ዝርከብ ምግባር፡ ምውህላል፡ ምዝማድ ከምኡ ድማ ምክልኻል፡ ምድምሳስን ምዕናውን ናይ ዳታ ዘጠቓልል ዝኾነ ይኹን ተግባር ወይ ተግባራት።
   c) ፍሉይ ውልቃዊ ዳታ
      ብዛዕባ ናይ ሓደ ውልቀ ሰብ ሃይማኖት፡ መርገጺታት፡ ዓሌት፡ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ፡ ኣባልነት ማሕበር ሰራሕተኛታትን/ወይ ውን ጥዕና ብዝምልከት ሓበሬታ ዝህብ ውልቃዊ ዳታ።
   d) ዝምልከቶ ውልቀሰብ
      እቲ ብዛዕባኡዝተዋህበ ሓበሬታ ዝምስራሕ ዘሎ ዉልቀሰብ። ኣብዚ ቁጽጽር፡ እዚ መጸውዒ ንተሳተፍቲ ኮርሰ የመልክት።

Sperwer 34
1722 DL Langedijk
T 0226 - 31 34 42
M 06 - 11 35 36 00
post@jaropleidingen.nl
www.jaropleidingen.nl
KvK Alkmaar: 37123114
IBAN: NL45 RABO 0160 4146 44

e) ተቖጻጻሪ
ተቆጻጻሪ እንታይነት ዝምስራሕ ዳታን ዕላማ ምምስራሕ ዳታን እንታይ ምዃኑን ይውስን።እብዚ ቁጽጽር ተቆጻጻሪ ዝብል መጸውዒ ንናይ ውልቂ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል JAR ኦፐላይዲንገን BV ዘመልክት እዩ።

f) መስራሒ
ን ተቖጻጻሪ ወኪሉ ግን ከኣ ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ስልጣን ናይ ተቆጻጻሪ ዘይምእዘዝ ውልቃዊ ሓበሬታ ዝምስርሕ ትካል ኮይኑ፡ እዚ መስመዪ ንከም እኒ DUO፡ ፓንተያን ማዛጋጃቤትን ክውክል ይኽእል።

g) ሳልሳይ ኣካል
ዝኾነ ይኹን ሰብ ግን ከኣ ካብቲ ዝምልከቶ ሰብ፡ እቲ ተቖጻጻሪ ወይ ውን መስራሒ ወጻኢ ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ስልጣን ናይ ተቖጻጻሪ ወይ ውን መስራሒ ብምዃን ውልቃዊ ሓበሬታ ክምስርሕ ስልጣን ዘለዎ ኣካል እዩ።

2. ዕላማን ደረትን ቁጽጽር
   2.1. እዚ ቁጽጽር'ዚ ምምስራሕ ዉላቃዊ ዳታ ናይ ተሳተፍቲ JAR ኦፐላይዲንገን BV ብዝምልከት መምርሒታት የቕውም።
   2.2. እዚ ቁጽጽር ንኹሉ ውልቃዊ ሓበሬትኡ ብ JAR ኦፐላይዲንገን BV ዝተሓዝ ውልቀሰብ ዝምልከት እዩ። እዚ ቁጽጽር እዚ ዝስዕብ ዕላማታት ኣለዎ፥
      a) ሚስጥርነት ናይ ዝምልከቶም ኣካላት፡ ኣንጻር ግጉይ ወይ ውን ዘይደይይመደያዊ እተቃቅማ ውልቃዊ ሓበሬትኦም ምክልኻል
      b) ኣየናይ ውልቃዊ ዳታን ንምንታይ ዕላማን ከም ዝምስራሕ ምውሳን
      c) ትግሃት ዝመልኦ ምስርሐ ውልቃዊ ዳታ ከም ዝህሉ ምርግጋጽ
      d) ንዝምልከቶም ኣካላት ሓበሬታ ምቅሳምን መስሎም ከም ዝሕሎ ምርግጋጽን
3. ኣየናይ ሓበሬታ ናይ ዝምልከቶም ኣካላት እዩ ክምስራሕ ዝኽእል
   3.1. JAR ኦፐላይዲንገን BV ነዚ ዝስዕብ ውልቃዊ ሓበሬታ ክምስርሕ ይኽእል
   a) ስም፡ ቀዳማይ ስም (first name)፡ መፈለምታ ፊደል ናይ ሽም ሰብ (initials)፡ ማዕርግ፡ ጾታ፡ ዕለተ ልደት፡ ኣድራሻ፡ ቁጽሪ ጾስጣ፡ መንበሪ ቦታ፡ ውልቃዊ ኢ-መይል፡ ቁጽሪ ተለፎን
   b) ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ
   c) ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት (Social Security Number) BSN
   d) ዜግነትን ቦታ ትውልድን
   e) ንመንበሪ ፍቓድ ዝምልከት ሓበሬታ
   f) ንዝውሰድ ኮርስ፡ ተመክሮ ስራሕን ናይ ስልጠና ግዜ ኣብ መቦቆል ሃገርን ዝምልከት ሓበሬታን

JAR
OPLEIDINGEN

g) ኣብቲ እትወስዶ ኮርሰ ዘተኮረ ሓበሬታ፡ ናይ ምጽንባር ግዴታን ስልጠና ናይ ምውሳድ ዕላማኻን፡ ደረጃ መእተዊ ፈተና፡ ናይ ትምህርቲ ድሕረ-ባይታ፡ ኣብ ኔዘርላንድ እትጸንሓሉ ንውሓት ግዜ፡ ኣብ ምድላው ምጽንባር AZC ናይ ምስታፍ ተኽእሎኻ
h) ህላወ ናይ ዝምልከቶ ውልቀሰብ ኣብቲ ትምህርቲ ዝካየደሉ ቦታን ብምኽንያት ዕረፍቲ፡ ሕርሲ፡ ወይ ውን ሕማም (ባህሪ ሓማም ዝምልከት ሓበሬታ ገዲፍካ ናይ ምብኳር ተኽእልኦምን፡
i) ኣብቲ ነቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ዘተኮረ ፡ ከም እኒ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝተወዛዕካሉ ጉጅለ፡ ናይ ኮርስ መደብ፡ ዋጋ ናይቲ ኮርስን ናይ ኣካፋፋላ መደብን ሞድዩል ONAን።

3.2. እቲ ሓበሬታ በዚ ትሕት ኢሉ ተጠቂሱ ዘሎ ኣገባብ ይእከብ

- ሓበሬታ ካብቲ ዝምልከቶ ውልቀሰብ
- ብ JAR ኦፕላይዲንገን BV፡ ኣብ እዋን ስምምዕ ዝተዳለወ ሃበሬታ
- ብሳልሳይ ኣካል ዝተረኸበ ሓበሬታ

4. ምኽንያትን ዕላማን ምምስራሕ ዉልቃዊ ዳታ

4.1. ምምስራሕ ዉልቃዊ ዳታ ኣብዘም ዝስዕቡ ሓደ ወይ ውን ካብኡ ንላዕሊ ምኽንያታትን ጥራሕ ምርኩስ ብምግባር ይካየድ

a) <u>ፍቃድ</u>፡ እንተድኣ እቲ ዝምልከቶ ውልቀሰብ ንምስርሐ ሓበሬትኡ ብዝምልከት ብጽሑፍ ፍቓደኛነቱ ኣረጋጊጹ። ናይ ስልጠና ስምምዕ ኣብ ዝፍርመሉ እዋን ንተሳታፊ ብቋንቓ ዳችን ብካልኦት ኣብ ኔዘርላንድስ ዝያዳ ልሙዳት ዝኾኑ ቋንቃታትትን ማለት ቋንቋታት ዓረብ፡ ሩስያ፡ ኢንግሊዘኛ፡ ትግርኛ ከምኡ ድማ ስጳኛ ዝተዳለወን ብዝተኻእለ መጠን ድማ ብዝነጸረ ኣገባብ ትሕዝቶ ናይ ዝእከብ ዳታን ዕላማ መእከቢኡን ዘነጽር ቅጥዒ ይወሃበ።
b) <u>ስምምዕ፥</u> እንተደኣ ምስረሐ ዳታ ንትግባረ ዝምልከቶ ዉልቀሰብ ዝተሳተፎ (ዝፈረመሉ)ናይ ስልጠና ስምምዕ ኣገዳሲ ኮይኑ
c) <u>ሕጋዊ ግዴታ</u>፥ እንተ ደኣ ምስረሐ ዳታ ምስቲ ንJAR ኦፕላይዲንገን BV ዝምልከት ሕጋዊ ግዴታ ክሳነ ናይ ግድን ኮይኑ፡ ንኣብነት ኩሉ ሓበሬታ ናብ DUO ናይ ምምሕልላፍ ግዴታ (ፋናንስያዊ ሓበሬታን ማመልከቻ ፈተናን) ከምኡ ድማ ብመስረት ናይ ደረጃ መለክዒ “Blik op Werk” ዕጋበት ዓሚል ብዝምልከት መጽናዕቲ ዘካይድ ኣካል ማለት ፓንተያ ሓበሬታ ናይ ምምሕልላፍ ግዴታ።
d) ኣገደስቲ ረብሓታት ናይ ዝምልከቶ ዉልቀሰብን ካሊእ ዉልቀሰብን ንምክልኻል
e) ሕጋዊ ረብሓ/ድሌታት ናይ ተቆጻጻሪ ዳታን ሳልሳይ ኣካልን

4.2. ዉልቃዊ ሃበሬታ ነዞም ዝስዕቡ መዓላታት ጥራሕ እዮም ዝውዕሉ

a) ትምህርቲ ኣብቲ ዘድሊ ደረጃ ምቕራብን ንተሳታፊ ድማ ሓገዝ ምብርካትን ዘተቓልልናይ ስልጠና ስምምዕ ንምክያድ
b) ብመገዲ DUO ፋናንስያዊ ድጋፍ ምእንቲ ክረኽቡ ንተሳተፍቲ ሓገዝ ምሃብ
c) ንስልጠናን ምዕባለን ተሳታፊ ክሕግዝ ናይ ተሳታፍነት (ኣተንዳንስ) መዝገብ ምውሳንን ምሓዝን

d) ምስ መልክዒ ደረጃ 'Blik op werk' ብዝሰማማዕ መልክዕ ዕግበት ዓማዊል ዘጽንዕ ዳህሳስ ምክያድ
e) ፈተና ንምውሳድ ናብ DUO ማመልከቻ ምስዳድን ምምዝጋብን
f) ንናይ ኮርስ ክፍሊታት ቀጥታዊ ናይ ደቢት ክፍሊት ንምክያድ ምውጣን
g) ምምማይ ዲፕሎማታት
h) ኣብ ናይ ጽንበራ ግዴታታት ሕድገታት ንኽበረልካ ንሕክምናዊ ምኽሪ ንምርካብ ማመልከቻ ምቕራብ

4.3. ውልቃዊ ሓበሬታ ነዞም ልዑል ኢሎም ዝተተቕሱ ዕላማታት ብዝሰማማዕ መልክዕ እንተዘይኮይኑ ንኻልእ መዓላ ኣይውዕሉን እዮም። JAR ኦፕላይዲንገን BV ካብዞም ዝተጠቕሱ ዕላማታት ንምውቃዕ ካብ ዘድሊ ሓበሬታ ወጻኢ ካሊእ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣይምስርሕን እዩ። ብተወሳኺ፡ እቲ ዝምልከቶ ኣካል፡ ብመሰረት ተለብ፡ ኣብ እዋን ምስረሐ ዳታ ዕላማ ናይ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ምስረሐ ዳታ ይንገሮ እዩ።

4.4. JAR ኦፕላይዲንገን BV ካብ ዝሃብካዮ ሓበሬታ ተበጊሱ ታሪካዊ ድሕረባይታኻ ኣይስንድን እዩ። እዚ ማለት፡ ንናይ መሸጣ መዓላ ተባሂሉ ኣብ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ምርኩስ ዝገበረ ጸብጻብ ኣይፈጥርን እዩ። JAR ኦፕላይዲንገን BV ሓበሬታ ኣውጺእክ ናይ ምሻጥ (Dig Data and Trading) ንጥፈታት ኣየካይድን እዩ።

5. <u>ዳታ ክሳብ መዓስ እዩ ዝተሓዝ?</u>

JAR ኦፕላይዲንገን BV ንቲ ዝተዋህበ ዳታ ንንውሕ ዝበለ እዋን ንክተሓዝ ዘገደድ ሕጋዊ ግዴታታት እንተዘይተረኺቡ፡ ነቲ ዝተኣከበሉ ዕላማ ምስ ተጠቀመሉ ካብኡ ንደሓር ነቲ ዳታ ኣይዕቅቦን እዩ። ሰለስተ ዓመት ድህሪ ምዝዛም ኮርስ እቲ ዳታ ይዓኑ እዩ።
ካብ ናይ ምጽንባር ግዴታታት ሕድገታት ምስ ዝገበረልካ ነዚ ጉዳይ ዝምልከት ሓበሬታ ን 6 ዓመት ይተሓዝ። ኣብ ምቕራብ ማመልከቻ ነዚ ናይ ሕድገት ጠለብ ምግባሮም መረጋገጺ ከምጽኡ ተሓቲቶም ዝነበሩ እሞ ነዚ ሓበሬታ ድሕሪ ዓመታት ካብ JAR ኦፕለይዲንገን ክወሃቦም ኣብ ዝሓቱሉ እዋን፡ እዚ ጉዳይ ምስ'ዚ ዝተኣሳሰር እዩ።

6. ምሃብ ሓበሬታ (ኣክሰስ)

JAR ኦፕለይዲንገን እዚ ውልቃዊ ዳታ ነዞም ዝስዕቡ ኣካላት ጥራሕ እዩ ዝህብ
a) እቲ መስራሒን ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ቁጽጽር JAR ኦፕለይዲንገን B.V. ዘሎ ሳልሳይ ኣካልን
b) ነቲ ውልቃዊ ዳታ ክምስርሕ ዝተመዘዘ መስራሒ
c) ብመሰረት ሕጊ ሓበሬታ ክወሃቦም ዝግባእ ኣካላት፡ እቲ ሕጊ ዘፍቅዶ ክወሃቦም ዘለዎ ሓበሬታ ብፍሉይ ምሃብ

7. ውሕስነትን ዕቃበ ምስጢርን

JAR
OPLEIDINGEN

7.1. JAR ኦፕለይዲንገን BV ውልቃዊ ዳታ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ንኸይዓንዉ፡ ኸይድምሰሱን ከምኡ ድማ ከይምስርሑ ግቡእ ትካላዊን ተክኒካዊን ስጉምትታት ብምውሳድ ይከላኸል። እዞም ስጉምትታት ብተወሳኺ ዘየድሊ ምእካብን ምምስራሕን ውልቃዊ ዳታ ኣብ ምክልኻል የገልግሉ።
ውልቃዊ ዳታ ኣንጻር ብጥሕሰት ንኸይውሰድ መስራሒ ኣካል እዞም ዝስዕቡን ካልኦትን ተክኒካውያንን ትካላውያንን ስጉምትታት ክወስድ እዩ፤
ምእንጋድ ሰርቨር (server hosting)
- ኣብ ኔዘርላንድስ ወግዓውነት ዝረኸቡ ሰርቨራት ISO27001 ምእንጋድ
- ሃርድ ዌርን ሶፍትዌርን ማእከል ዝገበረ መከለኻሊ ሜላ (ፋየርዎል) ብምጥቃም ውሕስነት ሰርቨራት ምሕላው
- እዋናዊ ዝኾነ ናይ ውሕስነት ሜላታት ብምትታው ብቐጻሊ ሰርቨራት እዋንውነተን ከም ዝሕልዋ ምግባር
- ምስርሐ ዳታ ናብ ዝካየደሉ ህንጻ፡ ዘይምልከቶ ሰብ ንኸይኣቱ ዝከላኸል ተክኒካዊን ትካላዊን ስጉምትታት።
ትካል
- ሰራሕተኛታት ናይ መስራሒ፡ ብዓውድታት ሚስጥርነትን ውሕስነት ሓበሬታን ግቡእ ስልጠና ዝወሰዱ ኮይኖም ብተወሳኺ ስነምግባራዊን ሓላፍነታዊን ኣጠቓቕማ ሶፍትዌር፡ ህንጻታት፡ ኮምፕዩተራት፡ ሓተምቲ፡ ኢመይልን ኢንተርነትን ብዝምልከት መምርሒታት ይወስዱ እዮም።
ውሽጣዊ ኔትዎርክን ኮምፕዩተራትን
- ኩሉ ናይ ስራሕ ቦታታት ብገዛእ ርእሱ ኣፕዴት ዝገብር ጸረ-ቫይረስ ሶፍትዋረ ዝዓጠቐ እዩ
- እቲ ኔትዎርክታት ውሕስነቱ ብፋየርዎል ዝተሓለወ እዩ
ኣፕሊኬሽን

- ኣብ መንጎ ተጠቀምቲ፡ ስፍትዌር ኣፕሊኬሽናትን ማዕከን ዳታን ዝመሓላለፍ ዳታ ብመገዲ ውሑስ SSL-ሰርቲፊኬት ብውሑዱ ድማ ብ ኢንክሪፕሽን ናይ 256 ባይት ይዀዓዓዝ።
- ፍቃድ ብመገዲ ስም ትጠቃሚን ማለት ዩዘር ኔምን መሕለፊ ኮድን ማለት ፓስወርድን ይሓልፍ
- ተጠቀምቲ በዓል ክልተ-ረቛሒ ናይ መረጋገጺ (two-factor authentication) መገዲ ይህብ
- መሐለውታ ዳታ መዓልታዊ ይዳለዉ
- ተደጋጋሚ ብጉጉይ ቁጽሪ ናይ ምእታው ፈተነ (ሎግ ኢን) ፈተነታት ምስ ዝግበር ኣውቶማቲካዊ ምዕጋት የካዪድ
- መሐለውታ ዳታ ንሰለስተ ኣዋርሕ ይዕቀብ

Sperwer 34
1722 DL Langedijk
T 0226 - 31 34 42
M 06 - 11 35 36 00
post@jaropleidingen.nl
www.jaropleidingen.nl
KvK Alkmaar: 37123114
IBAN: NL45 RABO 0160 4146 44

7.2. ን ስጉምትታት ውሕስነት ተባሂሉ ሜላን ኣተገባብራን ዋጋ ኣተገባብራን ኣብ ግምት ዝኣትዉ እዮም። በዚ መንገዲ JAR ኦፕለይዲንገን ን ዝምስርሖ ውልቃዊ ሓበሬታ ብዝምልከት ዝህልዉ እንተታት/ ሓደጋታት ኣብ ግምት የእቱ።
7.3. ኩሎም ኣብ ትግባረ እዚ ቁጽጽር እዚ ዝሳተፉ ሰባት እሞ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ሚሽጥራዊ ወይ ውን ብሚሽጥራውነት ክተሓዝ ዘለዎ ዳታን ንዕኡ ዝምልከት ድማ ብሰንኪ ናይ ሓደ ሰብ ሞያ ወይ ውን ዕማም ተሓታትነት ዘይምህላው፡ ናይ ዳታ ቁጽጽር ዘካይዱ ሰባት ሚሽጥራውነት ናይዚ ውልቃዊ ዳታ ቁጽጽር ዘካይዱ ሰባት ሚስጥራውነት ናይዚ ውልቃዊ ዳታ ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም። ንናይ ግዳም መስራሕቲ ብዝምልከት ናይ መስራሒ  ስምምዕ ድምዱም እዩ።
7.4. ውልቃዊ ዳታ ንዝምልከቶም ኩሎም ኣብ JAR ኦፕለይዲንገን BV  ዝሰርሑ ኣባላት፡ ዝሕዝዎ ሓበሬታ ብሚስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም። ብደገ መጽዮም ኣብ JAR ኦፕለይዲንገን BV ዝሰርሑ ናይ ውልቂ ሰራሕተኛታት ድማ ኣብ ስምምዕ ስራሕ/ኩንትራት ናይ ዕቃበ ሚስጢር ግዴታታት እቱዋት እዮም።

8. ግሉጽነት

8.1.ንምስርሐ ውልቃዊ ዳታኡ ብዝምልከት JAR ኦፕለይዲንገን BV  ንዝምልከቶ ኣካል ብመልክዕ ናይ ስምምዕ ቅጥዒ ሓበሬታ ይህበ እዩ። ኣብቲ ቅጥዒ፡ እዚ ቁጽጽር እዚ ከም መወከሲ ተተቒሱ ኣሎ። እቲ ዝግበር ዘሎ ዓይነት ምስረሐ ዝጠልቦ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ JAR ኦፕለይዲንገን BV  ነቲ ዝምልከቶ ኣካል ፈልዩ ብውልቁ ብዛዕባ ዝግበር ዘሎ ምስርሐን ዝርዝራቱን ክሕበሮ ይኽእል እዩ።

8.2. ዳታ ምስ ዝተዋህበም/ዝተቐበሉ ሳልሳይ ኣካላት መስርሓትን ዝተገብረ ርክባት ብዝምልከት ውን እንተኾነ JAR ኦፕለይዲንገን BV  ነቲ ዝምልከቶ ኣካል ሓፈሻዊ ብዝኾነ መልክዑ ሓበሬታ ይህበ እዩ።

8.3. JAR ኦፕለይዲንገን BV  ንሱ ናይ ዝቆጻጸሮ ዳታ ብዝምልከት መዝገብ ናይ ምዕቃብ ሓላፍነት/ግዴታ ኣለዎ።

- ነፍሲ ወከፍ መዝገብ መግለጺ ናይ ዝተመስርሐ ሓበሬታን ዝወዓለሉ መዓላን ይሕዝ፡ እዚ ማለት፥

- ናይ ተቖዕጻጻሪ ዳታ ከምኡ ድማ (ኣድላዪ ኮይኑ ምስ ዝርከብ) ናይ መሻርኽቲ ተቖጻጻሪ ዳታ ስምን ኣድራሻን
- ዕላማ ምስረሐ
- መግለጺ ናይ ውልቃዊ ዳታን ናይቲ ዝምልከቶ ሰብን
- መግለጺ ናይ ተቐበልቲ ዉልቃዊ ዳታ
- ኣብ ውሽጢ ውልቃዊ ዳታ ዘለዉ ስምዒታት ይድምስሱ እዮም
- ሓፈሻዊ መግለጺ ውሕስነት ንምርግጋጽ ናይ ዝትውሰዱ ስጉምትታት

## 9. መሰላት ናይ ዝምልከቶም ኣካላት

9.1.ነፍሲ ወከፍ ሰብ ንዕኡ ዝምልከት ብ JAR ኦፕለይዲንገን BV  ዝተመስርሐ ውልቃዊ ዳታ ክትቀመሉ መሰል ኣለዎ። JAR ኦፕለይዲንገን BV  መንነት ናይቲ ዝመልካቲ ንምርግጋጽ ወግዓዊ ወረቓት መንነት ክሓትት ይኽእል፡

9.2. ዘይክኣል፡ ንመሰላት ምስርሀ ዝጥሕስ ወይ ውን ዘይምኽንያታዊ ኮይኑ ምስ ዝርከብ ጥራሕ ደኣምበር፡ ዝምልከቶ ኣካል ንውልቃዊ ዳትኡ ብዝምልከት ምትዕርራይ፡ ምድምሳስ ወይ ገደብ ምስርሐ ንኽግበረሉ ክሓትት ይኽእል እዩ።

9.3. JAR ኦፕለይዲንገን BV  ብመሰረት ዓንቀጽ 6 ህዝባር eን fን ምክልኻል ዉልቃዊ ዳታ (AVG) ይጥቀም እንተድኣ ሃልዩ፡ ልዕሊ ናይቲ ዝምልከቶ ኣካል ረብሓታት፡ መሰላትን ነጻነትን ዝከዱ ምኽንያታውያን መሰረታት ክሳብ ዘይሃለዉ፡ ሃደ ውልቀሰብ ኣብ ውልቃዊ ኩነታቱ ምርኩስ ብምግባር ኣንጻር ምስርሐ ውልቃዊ ሓበሬትኡ ዝቓንዐ ተቓውሞ ከቕርብ ይኽእል።

9.4. ኣብዚ ዓንቐጽ'ዚ መሰረት ዝገበረ ጥርዓን ምስ ዝህሉ ን ኣቶ N Overbeek van Loon, e-mail address: noortje@jaropleidingen.nl ምውካስ ይከኣል።

JAR ኦፕለይዲንገን BV  ኣብ ውሽጢ 4 ሰኡን ንጥርዓን እወታዊ መልሲ ክህብ ወይ እውን ብንጹር ናይ ጽሑም መልሲ ምኽንያት መንጸጊኡ ናይ ግድን ከነጽር ኣለዎ። JAR ኦፕለይዲንገን BV  ዝያዳ ግዜ ከም ዘድልዮ ነቲ ዝምልከቶ ኣካል ብምሕባር ነቲ ውዕል ክሳብ 4 ሰሙን ከናውሖ ይኽእል እዩ።

9.5. እንተድኣ ጠለብ ናይቲ ዝምልከቶ ሰብ ተቐባልነት ረኺቡ፡ JAR ኦፕለይዲንገን BV  ብዝቐልጠፈ መገዲ ጠለባት ናይቲ ውልቀ ሰብ ኣብ ምትግባር ይሰርሕ።

9.6. ንምስርሐ ኣቀዲምካ ፍቃድ ክወሃበ ዝጠልብ ምስ ዝከውን፡ እዚ ስምምዕ'ዚ በቲ ዝምልከቶ ኣካል ኣብ ዝኾነ እዋን ክሰሓብ/ ክቋረጽ ይኽእል እዩ።

## 10. ጥርዓናት

ኣብዚ ቁጽጽር 'ዚ ነጺሩ ከም ዘሎ ናይ JAR ኦፕለይዲንገን BV  ንጥፈታትን ዘጋጥሙ ሕጽረታትን ምስ AVG ዘይሰነዩ፡ ንቡር መስርሕ ጥርዓን JAR ኦፕለይዲንገን BV  ንኽተል። ቁጽጽር ናይ ጥርዓን (complaints regulation)  ንኹሎም ተመሃሮ ተዋሂቡዎም ኣሎ። ብተወሳኺ ጥርዓናት፡ ብመገዲ ወኪል ምክልኻ ዳታ 'Autoriteit Persoonsgegevens' ክቐርቡ ይኽእሉ እዮም።

## 11.ደምዳሚ ቃል

እዚ ቁጽጽር እዚ (regulation) ናይ JAR ኦፕለይዲንገን BV  ኮይኑ ካብ ግንቦት 25/2018 ጀሚሩ ከም ቨርዥን 5.0  ንቨርዥን 4.0 ናይ 2016 ተኪኡ ኣብ ተግባር ክውዕል እዩ።

JAR
OPLEIDINGEN

ላንገዲጅ ግንቦት 2018

M.A.C. van Loon-Vugts

ሓፈሻዊ ዳይረክተር

Sperwer 34
1722 DL Langedijk

T 0226 - 31 34 42
M 06 - 11 35 36 00

post@jaropleidingen.nl
www. jaropleidingen.nl

KvK Alkmaar: 37123114
IBAN: NL45 RABO 0160 4146 44

JAR

OPLEIDINGEN